***05/06/2009***

# *ከም መቀጸልታ ናይቲ ኣመሪካ ንዜጋታትና ዝሃበቶ ናይ ዑቅባ ዕድል ኣብ ኢትዮጵያ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ዝነበሩ 44 ኤርትራውያን ዜጋታት ናብ ኣመሪካ ክኸዱ ምድላዋቶም ከምዝወድኡ ተፈሊጡ።*

ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ወኪል ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ኣብ ዝሰደደልና ሓበሬታ ከም መቀጸልታ ናይቲ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብመሰረት ዝረኸብዎ ናይ ዕቁባ ዕድል ናብ ኣመሪካ ክገብርዎ ዝጸንሑ ጉዕዞ ሕጂ'ውን 44 ዜጋታት ናብ ኣመሪካ ክኸዱ ተዳልዮም ኣለው። ኣብዘን ዝቅጽላ ሒደት መዓልትታት ከኣ ጉዕዞ ከምዝገብሩ ኣፍሊጡ።

ናብ ኣመሪካ ንምካድ ተዳልዩ ዘሎ ኪዳነ ዝተብሃለ ዜጋ ንወኪልና ኣብ ዝሃቦ ቃል- ሕጂ 44 ኤርትራውያን ናብ ኣመሪካ ክኸዱ ተዳልዮም ዘለው ኮይኖም ብድምሩ ልዕሊ 6 ሽሕ ኤርትራውያን ዘድሊ ቅድመ መሕትት ፈጺሙ ናብ ኣመሪካ ንምካድ ተቀቦም ምህላው ኣመልኪቱ።

*" … እወ ብጆካ ሕጂ ንፍላይት መጺልና ዘሎ 44'ዩ። 'ቲ ጆማሪ'ዩ ዘሎ ሕጂ 44 ሰብ ኣለና ግን ብሕጂ ልዕሊ 6 ሽሕ ዝኸውን ቁጽሪ ኣብ ሬዲ (ኣብ ምቅርራብ) ኣሎ ተወዳዲኡ ብኤምባስን ገሊኡ ናይ ሲንኤ ኢንተርቪው እንዳገበረ ኣብ ምድላው ይርከብ ኣሎ…"*

ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሽመልባ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ምስ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ንዝኮነ ይኩን ጸገማት ኣብ ዘጋጥም ብልዝብ እንዳፈትሑ ፍቅርን ስኒትን ዝመልኦ ሂወት ከምዘሕለፉን ብመንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ዝግባእ ሓልዮትን ክንክንን ከምዝተገበረሎም ድማ ገሊጹ'ዩ።

*“… ኣተሓሕዛ ኣዝየ’የ ዘመስግን ጽቡቕ’ዩ። እኩል ማይ ኔሩና ኣብ ጊዜና ረድኤት ንረክብ ኔርና ምስ ምምሕዳራት ዝነበርና ምርድዳእ ኣዝዩ ጽቡቕ ኔሩ። ብፍላይ ኣራ ኣብያተ ጽሕፈት (ናይ ስደተኛታት) ማለት’ዩ ካሊእ ምስቲ ህዝቢ ከባቢ’ውን ኣዝዩ ተዋሃሂድና ንከይድ ኔርና ምስቶም ኣብዚ ዘለና እናተሳነና ዘሎ ጸገማት እናፈታሕና ኣጆኹም ይብሉና ንሶም ንሕና’ውን ምስኦም ንዘሎ ጸገማት እናተረዳዳእና ንሓልፎ ኔርና። ኣዝዩ በቃ ጽቡቕ ሓሊፍና’የ ዝብል ኣነ…”*

እቲ ዜጋ ብተወሳኺ ኣብቲ መደበር ስደተኛታት ዝርከቡ ልዕሊ 7 ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን ዝተረጋግኣ ሂወት ከሕልፉን ዝሓሸ ብሩህ ተስፋ ክርእዩን ኣብ ምግባር መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዝገብሮ ጻዕሪ ዘለዎ ሞሳ ገሊጹ’ዩ።

*“…. ብዓቢኡ መንግስቲ ኢትዮጵያ’ውን ነቲ ዘሎ ስደተኛ ፍታሕ ኣቕሪቡሉ ልክዕ ኣብ ዝተረጋግኣ ኣሎ ኩሉ ስደተኛ ልዕሊ ሽዱሽተ ሸውዓተ ሽሕ ዝኸውን ስደተኛ ማለት’ዩ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎ ኣዝየ ኩሉ የመስግኖም ኣእምሮና ዓቂቡ ኣብ ጽቡቕ ምህላውና ኣዝየ’የ ዘመስግኖ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ብፍላይ….”*

-----------------------------------------------------------/////------------------------------------------------

***05/06/2009***

## *ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ንስርዓት ኢሳይያስ ብምቅዋም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት የመንን ስዑድያን ዝገብርዎ ዘለው ዋሕዚ ይቅጽል ኣሎ።*

ኣብ የመን ዝርከብ ጨንፈር ቤትጽሕፈት ድምጺ ወጋሕታ ከምዝሓበረልና- ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ንስርዓት ኢሳይያስ ራሕሪሖም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብርዎ ዘለው ዋሕዚ ብምቅጻል 10 ዝኾኑ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ካብ ዳህላክን ከባብታት ዓሰብን ብወሰና ወሰን ወደባት የመን ኣቢሎም ናብ ስዑድያ ፍሉይ ሽሙ ኣባሽር ዝተብሃለ ቦታ ኣትዮም ኣለው።

ብመሰረት'ዚ ኮነሬል ሙሴ ገ/ሂወት ኣብ ዓሰብ ሓላፊ ፋይናንስ ሓይሊ ባሕሪ ዝነበረ፡ ኮነሬል መሓመድ ኑር ኣሕመድ ኣብ ከባቢ ራስ ዱሜራ ሓላፊ ሓይሊ ባሕሪ ዝነበረ፡ ኮነሬል ኣሕመድ ዓሊ መሓመድ መርከበኛ፡ ሜጀር ኢብራሂም መሓመድ ናስር፡ ተለንተ ሲሳይ ብርሃነ ካሕሳይን መሓመድ ኣደምን ዝብሃሉ ገሊኦም ካብቶም ዝኣተው ላዕለዎት መኮንናት ከምዝኮኑ 'ቲ ካብ ጨንፈር ቤትጽሕፈትና ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

-------------------------------------------///////---------------------------------
-----------------------------

***05/06/2009***

## *ኤርትራውያን ዜጋታት ዝገብርዎ ዘለው ዋሕዚ ስደት ብምቅጻል ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ጥራሕ 267 ዜጋታት ብኣንፈት ትግራይን ዓፋርን ኣቢሎም ናብ ጎረቤት ኢትዮጵያ ኣትዮም።*

ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ድምጺ ወጋሕታ ኣብ ዝለኣኮ ሓበሬታ- ዘይሙዕሩይ ምሕደራ ስርዓት ኢሳይያስ ብሰንኪ ዝፈጠሮ ጸገምን ወሪዱ ዘሎ ዓጸቦን ተማሪሮም ዜጋታትና ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብርዎ ዘለው ዋሕዚ ስደት ብምቅጻል ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ጥራይ ብኣንፈት ትግራይን ዓፋርን ኣቢሎም 267 ዜጋታት ናብ ጎረቤት ኢትዮጵያ ከምዝኣተው ኣረጋጊጹ።

ካብዞም ናብ ስደት ከምርሑ ዝተገደዱ ዜጋታትና እቶም 73 ወተሃደራት ክኮኑ ከለው እቶም ዝተረፉ ከኣ ህጻውንትን ሽማግለታትን ዝርከብዎም በርጌሳውያን'ዮም።

ብመሰረት'ዚ ብ 26 ግንቦት ዓመተ 2009 15 ወተሃደራትን 9 በርጌሳውያንን

ብ 29 ግንቦት ዓመተ 2009 11 ወተሃደራትን 14 በርጌሳውያንን

ብ 31 ግንቦት ዓመተ 2009 24 ወተሃደራትን 31 በርጌሳውያንን

ብ 1 ሰነ ዓመተ 2009 8 ወተሃደራትን 22 በርጌሳውያንን

ብ 3 ሰነ ዓመተ 2009 15 ወተሃደራትን 28 በርጌሳውያንን ዜጋታት ዝኣተው ኮይኖም ካብዚኦም እቶም 177 ዜጋታት ብኣንፈት ትግራይ እቶም 90 ድማ ብኣንፈት ዓፋር ከምዝኣተው 'ቲ ሓበሬታ የረድእ።

-----------------------------------------------------///////---------------------
-----------------------------